# ሓድነት ተቓወምቲ ውድባት ፥ ዝነኣድ ኣጀማምራ

እቲ ኩሉ ህግደፋዊ ስርዓት ዘስካሕክሖ ኤርትራዊ ብዓቢ ሃረርታን ባህግን ዝጽበዮ ዝነበረ ኣኼባ 16 ተቓወምቲ ውድባት ካብ ተጸበዮ ንላዕሊ ተስፋ ዝመልኦ መልእኽትን ዓቢ ብስራትን ሒዙ ከምዝወጽአ እቶም ቅኑዓት ተቓለስቲ ገና ዘስተማቐርናዮ ኣይንመስልን።ብኣንጻሩ እቶም ተቓለስቲ-መሰል ገለ ኣስማት እንዳጠቐሱ ስለምንታይ እዚ ዘይተመርጸ ስለምንታይከ እቲ ዘይተሳተፈ … ወዘተ? እንዳበሉ ነቲ ዓበይቲ ነጥብታት ጎስዮም ብዙሕ ኣገዳስነት ዘይብሉ ሕቶታት ከልዕሉን ኣቓልቦ ህዝቢ ክጠውዩን ይፍትኑ ኣለዉ፡ ካልኦት ድማ ንኩሉ ፈተነታት ኤ.ዲ.ኪ ኣናሽዮምን ኣነኣኢሶምን ብጉልባብ ተቓወምቲ ፕሮፖጋንዳ ህግደፍ ከቃልሑ ጀሚሮም ኣለዉ።ኣብዚ እዋን'ዚ ህግደፍ ኩሉ ዘመተታት ስለዝፈሸሎ ብስም ተቓወምቲ ዕሱባት ዜጋታት ጸረ ኤ.ዲ.ኪ ከም ዘዋፍር ተገንዚብና ምጥንቃቕን ምስትውዓልን ክኅድለና የብሉን።

ብወገነይ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕን ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ምቅርራብ ባይታን ብኩልና ዝግበኦ ዝለዓለ ቦታን ዕቱብ ኣቓልቦን ክወሃቦ ይግባእ ይብል፡ ትርጉምን ዕላማን ቃልስና ብጽምዋ ክንግንዘቦ የድሊ፡ እዚ ክብል ከሎኹ ግን እቲ መስርሕ ይኹን እቲ ውጽኢት ኣኼባ ካርቱም ፍጹማዊ ዝኾነ ገምጋም ወይ ናእዳ ክህበሉ'ውን ኣይደለን፡ ይኹን እምበር እቲ ተበጺሑ ዘሎ ፋልማዊ መደምደምታ ንቃልሲ ህዝብና ብሩህ ተስፋ ዝህብን ሰፊሕ ጎደና ዝኸፍትን ስለ ዝኾነ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ባይታ ክንጥቀመሉን ዝኅደለ መሊእና ከነማዕብሎን ምጽዓር ሓላፍነትና ከምዝኾነ ከይኣታሓሳሰብኩ ክሓልፍ ኣይደለን።

ካብቲ ክሳብ ሕጂ ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጽታትን ዝተነበበ ውሳኔታትን ብምብጋስ ክንግንዘቦ ዝኽኣልኩ ሕቶታት፥

1. እዘን ኣብ ካርቱም ዝተኣከባ 16 ውድባት **ፖለቲካዊ ውድባት** ጥራይ ኢልካ ክሕለፋ ዘይኮነስ ብሃይማኖታዊ ይኹን ብብሄራዊ ዓይኒ ክጥመት ከሎ ነተን ኣብ ኤርትራ ዝዓበያ ሃይማኖታትን ዝበዝሓ ብሄራትን "ዝውክላ" ስለዝኾና ምስቲ ፍልልየንን ግርጭተንን ነቲ "ሓድነት ኣብ ብዙሕነት" ዝኾነ ኣቃውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ስለዘንጸባርቓ ንመጻኢት ኤርትራ መባእታዊ ሰረት ምንጻፍ ክኸውን ከምዝኽእል ዝእምት ስምምዕ ኢዩ፡

ብኻልእ ኣዘራርባ እዚ ርክብ እዚ ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ፍልልይ ዘለወንን ክሳብ ትማሊ'ውን ኣብ ነንሕድሕደን ናይ ምጥርጣርን ምጽላምን ዘመተ ዘካይዳ ዝነበራ ውድባት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሃይማኖታውን ብብሄራውን ሕቶ'ውን ተረሓሒቐን ከምዝጸንሓ ንኩሉ ብሩህ ኢዩ፡ ሕጂ'ውን ኩሉ እዚ ኩነታት'ዚ ተደምሲሱ ማይን ጸባን ኮይነን ክኸዳ ኢየን ኢሉ ዝኣምን እንተልዩ ፖለቲካዊ ዕሽልነት ጥራይ ኢዩ ክበሃል ዝከኣል፡ እቲ ክከሓድ ዘይግበኦ ነጥቢ ግን እቲ ናይ ቃልሲ ባይታ ተፈጢሩ ስለዘሎ ምህናጹን ምምዕባሉን ናይ ኩሉ ግዱስ ዜጋ ሓላፍነት ከምዝኾነ ኢዩ፡ **ክበርስ ዘይግበኦ ናይ ኤርትራን ኤርትራውያንን ባህርያዊ ሃብትን መሰልን** ከምዝኾነ ክእመነሉ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ፡

2. ኣብቲ ንዝተፈላለየ ሓላፍነታት ንምክፍፋል ዝተካየደ ምርጫታትን ምምዳብን'ውን እንተኾነ እቲ ሓፈሻዊ ምስሊ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ነጥቢ ደጊሙ ኣብ ርእሲ ምርግጋጹ ብዝያዳ ናብ "መንእሰያት" ዘተኮረ መሲሉ እቶም ነዊሕ እዋናት ኣብ ዝለዓለ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝሓንበሱ ተቓለስቲ ኣብ ወውድቦም ክዋስኡ ምግዳፎም ናይ ኩሎም ተኻፈልቲ ፖለቲካዊ ብስለትን ሃገራዊ ሓልዮትን ዝተሓወሶ ሓላፍነታዊ ስጉምቲ ኢዩ። እዚ ነቲ ኣብ ስራሓት ክመጽእ ዝኽእል ቀጻሊ ምፍጣጥን ምጥርጣርን ኣልጊሱ ናይቶም "ሓደስቲ" ባእታታት ናይ ምፍላጥን ምጽውዋርን ሃዋህው ዝፈጥርን ንስራሓት ኣሳልጦ ዝህብን ኢዩ፡

3. ኣብቲ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ናይቲ ስምምዕ እንተተገንዚብና ድማ እዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ነንብብ፥

ሀ. "ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ ኣብ ፖለቲካዊ ብዙሕነት እተሰረተ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ምትካልን ..." " ... ስልጣን ናብ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ንምርካብ እንተላይ ምስቲ ስርዓት ቀጥታዊ ልዝብ ምክያድ ዘጠቓልል መስርሕ ሰላማዊ ዲሞክራሲያዊ ምስግጋር ንምስልሳል ዘለዎ ሓልዮት'ውን ኣረጋጊጹ፡"

ለ. "ብዛዕባ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምምልካትን ምሕንጻጽን ብዝምልከት ከኣ ... ውሳኔታት ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣድላዪ ምዃኑ ኣረጋገጸ ነዚ ውሳኔታት'ዚ ኣብ ምፍጻም ዘጋጥሙ ጸገማት ድማ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍትሑ ጸዊዑ ":

ሐ. " ..... ስደተኛታት ሰብኣዊ መሰላቶም ንክሕለወሎም ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ከካይድ ምዃኑ'ውን ተመጻቢዑ።"

መ. "ኤ.ዲ.ኪ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሓደ ኣካል ናይቲ ንልዕላውነት ሃገር ሰራዊት ከምዝኾነ መጠን ... ምእንቲ ድሞክራሲያዊ ለውጢ ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ግዲኡ ክጻወት ይጽውዕ።"

እዚ ገለ ካብቲ ውሳኔታት ናይቲ ኣኼባ ኢዩ፡ ብሕጂ ዝስዕብ ካሊእ ኣገዳሲ ዶክመንትታትን (ቻርተርን ...ካሊእን)፥ ምስ ጊዜ ዝበርህ ዓበይቲ ሕቶታትን ክውሰኹ ከምዝኾነ ምግምጋም ኣጸጋሚ ኣይኮነን።
ገና ዘይተመለሰን ኣጸቢቑ ዘይበርሀን ሕቶታት ከምዘሎ'ውን ክከሓድ ኣይግብኦን።እቲ ዕላማ'ውን በቲ ዝተሓተ ዘይትፈላለየሉ ነጥብታት ተረዳዲእካ ሓቢርካ ምስራሕ ክጅመር'ሞ ኣብ ምጽውዋር ዝተመስረተ ግብራዊ መስርሕ ኣቲኻ ኣብ ምቅርራብን ምርድዳእን ክብጻሕ ኢዩ ኔሩ።

እዚ ውሳኔታት'ዚ ዘብርሆ እንተሎ ዕላማ ቃልሲና ልዑላውነት ሃገርና ተኸቢሩ፥ ስርዓት ህግደፍ ደምሲስካ ዲሞክራሲያዊን ሰብኣውን መሰል ህዝብና ተሓልዩ ዝነብረሉ ስርዓት ምትካል፥ ኣገባብ ቃልስና ድማ ምስዝምዕብል ኩነታት ክቀያየር ዝኽእል ኮይኑ ንግዜኡ ግን ሰላማዊን ኣብ ዘተ ዝተሞርኮሰ ዲሞክራስያዊ ኣገባብን ክኸውን ዝእምት ኢዩ፡

ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክመጽእ ዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ቃልሲ ክህሉ ኣለዎ፡ ብጎነጽን ብሓይሊን ዝመጽእ ለውጢ መሰረት ዲሞክራሲ ክንጽፍ ኣይክእልን፡ ሓይልን ጎነጽን ምጥቃም መዐቀኒ ድኽነትን ድኽመትን ናይ ሓሳባት እምበር ብርትዐ ኣይኮነን፡ ዲክታትቶርያዊ መንግስቲ ህ.ግ.ደ.ፍ እንዳተዳኸመ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ኩሉ ብሓይሊ ክፈትሖ ከምዝፍትን ዘይከሓድ ታሪኽ ኩሎም ምልካዊ ስርዓታትት ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ፡ ንሱ ሓይሊ ስለዝጥቀም ዝርድኦ ቃላት ሓይሊ ጥራይ ኢዩ ዝብል ስነመጎት እቲ ኣብ ጥንታዊት ባቢሎን ሰፊኑ ዝነበረ " ስኒ ብስኒ .. ዓይኒ ብዓይኒ" ዝብል ዝኣረገ ሕጋዊ ፍልስፍና ዘንጸባርቕ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ኣብዚ እዋን'ዚ ኩናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሓደ ሃገር ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ዘይምግንዛብ'ውን ኢዩ፡ ርሑቕ ከይከድና ኩነታት ሱዳንን ሶማልን ምዝካር እኹል መረዳእታ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ንኩሉ ክፍጠር ዝኽእል ፍልልያት ብዘተን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብን ክፍታሕ ምእማን ትኩርነትን ሓላፍነትን ዝሓዘለ ውሳኔ ኢዩ፡ ስልጣን ናብ ዋንኡ ህዝቢ ከረክብ ምስቲ መንግስቲ'ውን ክንዘራረብ ቅሩባት ኢና ምባል'ውን ምልክት ርእሰ ተኣማንነት እምበር ምልክት ፍርሕን ምንብርካኽን ኣይኮነን፡ እዚ ፖሊሲ'ዚ ንመንግስቲ ህግደፍ ካብ ህዝብን ካብ ዓለምን ዝንጽሎን እቲ ኣረሜናዊ ባህሪኡ ዝያዳ ዝቐልዕን ስለዝኾነ ብዕቱብነት ክድፍኣሉ ኣገዳሲ ኢዩ፡

ካልእ ኣተኩሮ ክወሃቦ ዝግበኦ ጉዳይ ኤ.ዲ.ኪ ንትጽቢትን ሃረርታን ህዝቢ ኤርትራ ከማልእ እንተኾይኑ ምስ ህዝብን ንህዝብን ክሰርሕ ኣለዎ፡ ንዘፈላልዩ ኣገደስቲ ሕቶታት ርእይቶ ህዝቢ ክሰምዕን ክትርጉምን ዘኽእሎ ኣገባባት ክኽተል ይግባእ፡ ኤ.ዲ.ኪ ጀማሪ'ምበር ወዳኢ ኮይኑ ክስምዖ የብሉን፡ ተካኢን ኣማራጺን ናይ'ዚ ዘሎ መንግስቲ ከምዝኾነ ከረጋግጽ ብግብሪ ካብ ሕጂ ብግልጺ ከርእዮ ክኽእል ኣለዎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብተስፋን ብመብጽዓን ክዓግብ ሕሉፍ ተሞክሮኡ ኣየተባብዖን፡ ግሉጹነትን፥ተሓታትነትን ስነምግባራዊ መትከላትብነፍሲ ወከፍ ሓላፊ ክዝውተር ኣለዎ።ውክልና ኣብ መዓልታዊን ግብራውን ዕማማት ዝህነጽ እምበር ሓንሳብ ንኹሉ ጊዜ ዝወሃብ ኣይኮነን፡ "ህዝቢ እዚ ኢዩ ዝደሊ" ቅድሚ ምባልኩም ንህዝቢ ስምዑዎን

ኣሳትፍዎን፡ ህዝቢ ክስዕበኩም ቅልጡፍን ንጹርን ሓበሬታታት ሃቡን ተቐበሉን፡ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዘዘለዎ ቦታታት ናይ ህዝቢ ኣኼባ ከዳልወልኩም ቅሩብነትኩም ግለጹሉ፡

ተሳታፍነት ናይ ኩሉ ዲሞክራሲያዊ ኤርትራዊ ዜጋ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ፡

ገለ ኣከራኻሪ ሕቶታት ንግዜ ክግደፍ ይሓይሽ፡ ህዝቢ ዝያዳ ከብስሎን ክዝትየሉን ዕድል ምሃብ ኣገዳስነቱ ልዑል ኢዩ፡

በቲ ካልእ ወገን ድማ ንሕና ብርሑቕ ተዓዘብቲን ተጸበይቲን ኮይና ክንተርፍ የብልናን፡ ተራና ክንጻወትን ዓቕምና ከነበርክትን ቅሩባት ክንከውን ኣለና፡ ኣብ በቦታና ተወዳዲብና ተበግሶታት ክንወስድን ናይ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ናይ ሓባር ንጥፈታት ከነካይድን ክንጅምር ኣለና ፡ እቲ ኣብ ሃገር ሽወደን ካብ ነዊሕ እዋን ክካየድ ዝጸንሐን ኣብ ገለ ቦታታት ሓሓሊፉ ዝውሰድ ተበግሶን ኣብ ኩሉ ቦታታት ክባዛሕን ከስፋሕፍሕን ክኽእል ኣለዎ፡ ኣበርክቶን ተሰማዕነትን ሰረታት ክዓቢ ውዳቤን ቃልሲን ክህሉ ኣለዎ፡ **ናይ ቃልሲ ባይታና ንጠቐመሉ፡ መሰልናን ግቡእናን ኢዩ።**

## ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ክዕምብብ ተሳታፍነትና ነበርትዕ ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ሓዱሽ ብስራት- ሮማ ኢጣልያ